# ውድብ ናፅነት ትግራይ (ናፅነት)

## *ፖሊሲ - 00*

---

## ምድሓን ብሔረ - መንግስትነት ትግራይ

### ነሓሰ 2016 ኣ.ግ

*ትሕዝቶ*

*መቓልዕ*

1. *መእተዊ* ............................................................ 3
2. *ፖለቲካዊ ቁመና ትግራይ* ............................................................ 4
3. *ማሕበራዊ ቁመና ትግራይ* ............................................................ 6
4. *ሓይሊ ፀጥታ ትግራይ* ............................................................ 7
5. *ኩነታት ትካላት ትግራይ* ............................................................ 8
6. *ናይ ሓባር ርድኢት ክተሓዘሎም ዝግባእ ነጥብታት* ............................................................ 9
7. *ፍታሕ፡ እቲ ፍታሕ እንታይ እዩ? ከመይ ከ ይትግበር?* ............................................................ 10
   7.1. *እቲ ፍታሕ እንታይ እዩ?* ............................................................ 10
   7.2. *ከመይ ይትግበር? ፖሊሲ - 00* ............................................................ 11
8. *ግደ ሲቪል ትካላትን ኣድላይነት ቤት ምኽሪን* ............................................................ 12

# ፖሊሲ - 00፥
# ምድሓን ብሔረ - መንግስትነት ትግራይ

## *መቓልዕ*

- ዕላማ እዚ ፅሑፍ እዚ ምድሓን ብሔረ - መንግስትነት ትግራይ እዩ፤
- ወሰን እዚ ፅሑፍ ዉሽጣዊ ኩነታት ትግራይ ጥራሕ ዝርኢ እዩ፤
- ሓደጋታት ምፍራስ መንግስትነት ትግራይ ከመይ ይዕገቱ ዝብል ንምርዳእ ዝፍትን እዩ፤
- ኣብዚ ፅሑፍ ዋላ ኣይካተት ኩነታት ትግራይና ምስ ናይ ኢትዮጵያ፣ ዓለማውን ዞባውን ኩነታት ተኣሳሲሩ ዝበለፀ ክትንተን ከም ዘለዎ ተሓሳቢ ዝገበረ እዩ፤
- እዚ ፅሑፍ ዉዕሊ ፕሪቶርያን ኩነታት ኢትጵያን ኣብ ግምት ዘእተወ ጥራሕ ዘይኮነስ ውድብ ናፅነት ብመትከላት ሓራ ብሔራውነት ዝምራሕ ብሄርተኛ ውድብ ስለ ዝኾነ ካብዚ ባህሪኡን መንነቱን እውን ዝብገስ እዩ፤
- እዚ ፅሑፍ "ትግራይ ካብ ባዶ ትበገስ!" ዝብል ፖሊሲ - 00 ዘአንፍት እዩ፤
- እዚ ፅሑፍ "ሰላም" ከም ቀይሕ መስመር ኣነፂሩ ዝተበገሰ ፅሑፍ እዩ፤

***ሓብበርቲ ቃላት/ሓሳባት (Key terms)***

*ዘይምትእምማን … ማሕበራዊ ንዝረት … ተሓታትነት … ብሔራዊ ሓልዮት … ብሔራዊ ምርድዳእ … ብሔራዊ ስኒት … ብሔራዊ ስምረት … ፖለቲካዊ ምሕረት … ዓርሰ ኣፍልጦን ውሕስነትን … ሓቛፊ ግዝያዊ መንግስቲ … ፖሊሲ - 00 … ፍፁም ሰላማዊ ስግግር … ስርዓታዊ ለውጢ …*

## 1. መእተዊ

ትግራይ ኣብ ምንታይ ኩነታት ኣላ? ኢሉ ንዝሓትት ሰብ መልሱ ሕፅር ብዝበለ መንግስትነታ ስኢና ኣብ ኣዝዩ ዝተሓላለኸ ቅልውላውን ሓደጋ ምብትታንን ወዲቓ ኣላ ዝብል እዩ፡፡ እንተነኣሰ ብብሔራዊ ክልላዊ መንግስትነት ተሓቑፉ ዝነበረ ህዝቢ፣ እቲ መረበት ዓደ 'ቦ (ግዝኣታዊ ሓድነት)፣ ምምሕዳር (መንግስትነት)፣ ብሕጊ ዝተገደበ ልኡላውነት (ዓርሰ ምሕደራ) ዝበሃሉ ኣምራት ሎሚ ድሕሪ ኲናት ፅንተትን ውዕሊ ፕሪቶርያን የለውን፡፡ እዚ ማለት ትግራይ ብጭቡጥ ከም ሓንቲ ኣካል ኣላ ክትበሃል ኣይትኽእልን ማለት እዩ፡፡ ካብዚ ዘላቶ ሓደጋ ወፂኣ ከም ብሔር ክትህሉን ክትቅጽልን ከ ትኽእል ድያ? ኣብ ዝብል ናይ ህልውና ሕቶ ወዲቓ ትርከብ ብሔር ኮይና ኣላ፡፡

ትግራይ ክትከተሎ ዝፀነሐት ፖለቲካዊ ስርዓትን መሪሕነቱን ናብዚ ዘላቶ ኩነታት ከም ዘብፃሓ ድማ ዘካትዕ ኣይኮነን፡፡ ንልዕሊ ርብዒ ክ/ዘመን ተፈቲኑ ዘይረብሐ ኣታሓሳስባን መሪሕነትን ትግራይና ብፍጥነት ንክትሓቅቕ ከቃለጥፍ እንተዘይኮይኑ መዋፅኦ ክኸውን ከም ዘይኽእል እውን ዘጠራጥር ኣይኮነን፡፡ ህዝቢ ትግራይ ከም መድሕኑ ቆፂሩ ንዓመታት ዝሕለቐሉ ዝነበረ ሕብረ-ብሔራዊ ፌደራል ስርዓት ኢትዮጵያ እውን ብግልባጡ መጥፊኢኡ ከምዝኾነ ኣጣሊሉ ልምዲ ወሲዱሉ ኣሎ፡፡ ትግራዋይ ከም ዉሁብ ዝውስዶ ዝነበረ እምነቱ ኮነ ልዕሊ ክብሩ ዝሕብሕቦምን ዳርጋ ዘምልኾምን ዝነበረ መራሕቱ እውን ሎሚ ኣብ ልቡ የለውን፡፡ ትግራዋይ ሎሚ ብህወሓት ዝተብሓተ ነባር እምነቱ ተሰይሩ፤ ምስቲ ዝወርዶ ዘሎ ስቃይ ተደሚሩ፤ ንኩሎም እምነታቱ ናብ ሕቶ ከእቱን ገለ መዋፅእ መማረፂ መንገዲ ሃሰው ክብልን ድማ ባህርያዊ እዩ፡፡ ስለ ዝኾነ ድማ ህዝቢ ትግራይ ብቓልዕ ፀገሙ ዝፈትሕ ለውጢ ይጠልብ ኣሎ፤ ነዚ ለውጢ ክጠልብ ዝደፋፍኦ ዘሎ ምኽንያት ድማ ልዕሊ እኹል እዩ፡፡

መጠመቲኡ እታ ብሔር ጥራሕ ገይሩ ንዝዕዘብ ዝኾነ ትግራዋይ ድማ ትግራይ ብልክዕ ገምጊሙ ህላወን ባህግን ትግራዋይ ዘውሕስ ስርዓታዊ ለውጢ ከም ዘድልያ ኣይክጠራጠርን፡፡ እንተኾነ ግና ትግራይ ንሓቀኛ ባዕላዊ ለውጢ ድልውትን ብቕዕትን ከም ዝኮነት ዘርኢ ዝተወደበ ናይ ለውጢ ሓሳብ፣ ንዚ ሓሳብ ዘተግብር ብሔራዊ ቁመናን ማሕበረ ፖለቲካዊ ሃዋህውን የለን፡፡ ስለምንታይ ኢልና ምስ እንሓትት ትግራይ ብናይማን ለውጢ ከም ዘድልያ ብልቢ ኣሚኑ ልሂቅ ትግራይ ንለውጢ ብሓባር ክዓስል ድሉው ኣይኮነን፡፡ እዚ ማለት ኣብ ትግራይ ለውጢ ዝደሊን ንለውጢ ዝቃለስን ዝተወሰነ ሊሂቅ ኣብዝን ኣብትን ዋላ እንተሃለወ፤ ለውጢ ዝደሊ ግን ድማ መንገዲ ለውጢ ጠፊእዎ ዓርሱ ብዓርሱ ንጎኒ ዝተሓናኸር፤ ለውጢ ዝደሊ ግን ድማ ንለውጢ ዘይውፈይን ንለውጢ ዘይቃለስ ተስፋ ዝቑረፀን ናብ ገሃን መሃን ኣትዩ ዝብተን ዘሎ ሓይሊ እዩ፡፡ እቲ ንንውሕ ዝበለ ግዘ ኣብ ስልጣን ዝፀንሐ ሓይልን ሰብ ረብሓታቱን ድማ ህላወን ባህግን ትግራዋይ ዘውሕስ ባዕላዊን ሰላማዊን ፖለቲካዊ ለውጢ ከይመፅእ ብትሪ ዝቃለስን ፀረ ለውጢ ጠጠው ዝበለን እዩ፡፡ ስለዝኾነ ድማ ትግራይ ቅልውላው ምፍታሕ ተሳኢንዎ ኣብ ቅልውላው ዘሕተኹቱኽ ሊሂቅ ዝተሸከመት ዓዲ ኮይና ኣላ፡፡

ፖለቲካዊ ለውጢ ክተምፅእ ምፅማር ዓቕምን ተወፋይነትን ሓዊስካ ብዙሕ ዓይነታዊ ስራሕ ዝጠልብ እዩ፡፡ ኮይኑ ግና ለውጢ የድልየና እዩ እኳ እንተበልና እንታይ ዓይነትን ብኸመይን ይምፃእ ኣብ ዝብል ግና ብሔራዊ መደምደምታን ምርድዳእን ኣይበፃሕናን፡፡ ተጋሩ ኣብ ውሽጣዊ ህልኸን ሕንፍሽፍሽን ኣቲና ብቖንዱ ምትእምማን ስኢንና ንርከብ፡፡ ኣብ ትግራይ ሕርያና ለውጢ ክመፅእ፤ እቲ ዝመፅእ ለውጢ ድማ ፍፁም ሰላማዊ ክኸውንን ቁም ነገር ክህልዎን እንተኾይኑ ፈለማ ንለውጢ ብሔራዊ ድልውነትን ውፉይነትን የድሊ። ሓበራዊ ድልውነት ንለውጢ ከመይ ምፍጣር ይከኣል?

ዘይምትእምማን ዝፈጠሮ ተመዓዳዳዊ ኣሰላልፋን ምትፍናንን ካብ ረፅሚ ወፂኡ ናብ ጠቃሚ ብሔራዊ ሓይሊ ምቕያር ከመይ ይከኣል? ንዝብል ጥበብን ብሔርተኛ መነፅርን ዝደሊ እዩ። ኮታስ ትግራዋይ ምስ ሓይልታቱ ንለውጢ ድልው ክኸውን ዘኽእል ምትእምማን ብምንታይ አገባብ ይፍጠር ዝብል ወሳኒ ሕቶ እዩ። ሕድሕዳዊ ዘይምትእምማን ዝወልዶ ጭቡጥ ሓደጋ ምፍራስ ዘቕርን ትግራይ ናብ ዝሓሸ ናይ ሓሳብ ብዙሕነት ዘተኣናግድ ምህዳር ዘሰጋግርን ብልሓት ንምሕንፃፅ ፈለማ እቲ ውሽጣዊ ዘይምትእምማን እንታይነቱ፣ ምንጩ፣ ብርኪ ተለባዓይነቱን ምፍታሽ ኣድላዪ እዩ፡፡

## 2. *ፖለቲካዊ ቁመና ትግራይ*

ፖለቲካዊ ጥዕና ትግራይና እንተሪኢና ተጋሩ ንዘበናት ሒዝናዮ ዝመፃና ድሑር መስፍናዊ ስርዓተ ፖለቲካና ከም ዘሎ ኮይኑ፤ ኣብ ልዕሊኡ ድማ ብሽም ዴሞክራሲያዊ ምእኹልነት ዝጥርነፍን መለኮታዊ ባህሪ ተላቢሱ ህዝቢ ከም ህዝቢ ዘሐሽክርን ፈፂሙ ናይ ሓሳብ ኣፋላላይ ዘይፃወር ፀጋማይ መስመር ህወሓት ተዳዕኒንዎ፤ ሎሚ ኣብ መበል 21 ክ/ዘበን እውን ፖለቲካና ናይ ሓሳብ ኣፈላላይ ዘየተኣናግድ፤ ትርጉም ዘይብሉ ዶብ ኣልቦ ናይ ህልኽ ፖለቲካ እዩ፡፡ እቲ ሐዚ ኣብ ትግራይና ዘሎ ተቓርኖ እውን ልዕሊ ንቡር ናይ ሓሳብ ኣፋላላይ ዝኸደ በሰላን ሕድሕዳዊ ዘይምትእምማንን ዝወለዶ ኮይኑ ኢና ንረኽቦ፡፡

ኣስፍሕ ኣቢልካ እንትርአ ሐዚ ኣብ ትግራይ ክልተ ዓበይቲ ፖለቲካዊ ኣሰላልፋታት ኣለዉ ምባል ንኽእል ኢና፡፡ በቲ ሓደ መዳይ ትግራይ ሃገር ንምግባር ክቃለሱ ኣብ ደምበ ናፅነት ዘለዉ ብሔራውያን ውድባት ከም ሓደ ፖለቲካዊ ሰልፊ ምውሳድ ዝከኣል እንትኸውን፤ በቲ ካልእ መዳይ ድማ ብሓደ ወይ ብካሊእ መልክዕ ዕጫን ረብሓን ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ ይረጋገፅ ዝብል ህወሓታዊ መትከል ዘሰጉሙ ኣብ ሰልጣንን ካብ ስልጣን ወፃእን ዘለዉ ሓይልታት ዝሓቑፍ ደምበ እዩ፡፡ ካብ ፀጋማዊ ፖለቲካዊ ስነ ሓሳብ ዝብገስ ምልክነት ሓደ መሪሕ ውድብ ዝብል ኣምር ዘሰጉም ህወሓት፤ ፖለቲካ ትግራይ ንበይኑ ብሒቱ ገባርን ሓዳግን ኮይኑ ንልዕሊ ፍርቂ ክ/ዘበን ዝፀንሐ እንትኸውን፤ ክብሪ ሓሳብን ክብሪ ሰብን ዘተኣናግድ ባህሊን ልምድን ዘለዎ ኣይኮነን፡፡ ብሔራውነት ፀቢብነትን ትምክሕትን እዩ ዝብል ዝንቡዕ ትርጉም ሂቡ ንስልቲ ጥራሕ ከም ዝጠቅም ዝኣምንን ዘተግበረን ውድብ እዩ። ብሔርተኝነት ትግራይ ስልጣኑ ክሳብ ዝጭብጥ መንእሰይ ናብ ኲናት ንምልዕዓል ጥራሕ ተጠቂሙ፤ ኣብ መወዳእታ ኣንፃር ብሔርተኝነትን ብሔራዊ ረብሓን ትግራይ ደው ዝበለ ሓይሊ እዩ፡፡ ንመሰል ርእሰ ውሳነ ዝተገበረ ብሔራዊ ቃልሲ 17 ዓመት መሪሑ ኣዕዊቱ ዝበሃለሉ ህወሓት፤ ብሔርተኝነት ትግራይ ተጠቒሙ ደርብይዎ እዩ። ብሔራዊ ሕቶ ትግራይ ጎስዩ፤ ኲሎም መማረፂታት መሰል ርእሰ ውሳነን ዓርሰ ምሕደራን መንጢሉ፤ ብበይናዊ ውሳነን ህወሓታዊ ቅዲን ትግራዋይ አብ ሓፀያዊት ኢትዮጵያ ብልፍንቲ ፈደራል ተፀፍዩ ክነብርን ኣብ መወዳእታ እውን ግዳይ ፅንተት ክኸውንን ገይሩዎ እዩ። አብ ኲናት ፅንተት ትግራይ እውን እንተኾነ ዕላማታቱ ብንፁር ከየቐመጠ ንውሽጢ ሓቢኡ፤ ብሔራዊ ስምዒት መንእሰይ ከም መሳርሒ ኲናት ተጠቒሙ፤ ዕላማን ባህግን ናፅነት ተጋዳላይናን ህዝብናን ኣምኪኑዎ እዩ። እዚ ከይኣክል ግና ሐዚ እውን ፀረ ብሔራዊ ቃልሲ እዚ ወለዶን ፀረ ለውጥን ኮይኑ ዝቕፅል ዘሎ ሓይሊ እዩ፡፡ በዚ ምኽንያት ህወሓት ቅድም ክብል ብብሔራውያን ሓይልታት ሕዚ ድማ ዳርጋ ብኹሉ ህዝቢ ትግራይ ከም ጠላምን ዘይእመንን ሓይሊ ተገይሩ ዝረአ ውድብ ኮይኑ እዩ።

ብወገን ኣብ ደምበ ናፅነት ዘለዋ ብሔራውያን ውድባት እንተርኢና ድማ ብሔርተኝነት ከም ቀንዲ ስትራተጂ ዘሰጉማን ከም ሓይሊ እንትረአያ ሓደ ዝመስላን እየን፡፡ ይኹን እምበር ኣብ ኣፈጣጥረአን ዘሎ ኣፋላላይ ብይሕደር ኣፅኒሐንን ተኣማሚመንን ሓደ ብሔራዊ ሓይሊ (nationalist bloc) ክኾና ኣይከኣላን፡፡ ዉድብ ናፅነት ትግራይ  ዕላማ ምምስራት ሃገርነት ተሓንጊጡ

ዝጀመሮ ቃልሲ ናፅነት ብብርኪ ባህጊ ኣብ ሕድሕድ ትግራዋይ ሰሪፁን ምልኣተ ህዝቢ ረኺቡን እዩ እኳ ምባል እንተተኽኣለ ነቲ ውድብ ግቡእ ኣፍልጦ ተዋሂብዎ እዩ ምባል ግና ኣይከኣልን፡፡ ይትረፍ ዶ ከም ህዝቢ እቲ ሓዱሽ ወለዶ እውን ገና ኣብ ውድብ ናፅነት ትግራይ መሊኡ ኣይዓሰለን፡፡ እዚ ድማ ትግራዋይ ኣብቲ ሓሳብን ዕላማን ናፅነት ደኣ እምበር ኣብቲ ውድብ ክንድ'ቲ ዝድለ እምነት ከም ዘይኣሕደረ ዘመላኽት እዩ፡፡ እተን ብሔራውያን ውድባት ዝበሃላ ብሓፈሻ ብህዝቢ ገና ዓቕሚ ከም ዘይብለን ተገይረን ዝረኣያ እየን፡፡ ሓደ ስሙር ብሔራዊ ሓይሊ ክኾናስ ይትረፍ ወቕታዊ ዕድላት ብኣግባቡ ብዘይምጥቃም፤ ኣጀንዳ ብምምካንን ንድሕሪት ብምጉታትን፤ ከምኡ እውን ኣነነት ዝንፀባረቕ ኣብ ውሽጣዊን ጎናዊን ተኸኒ ስለ ዝተፀመዳ ንስርዓት ህወሓት ጭቡጥ ስግኣት ክኾና ኣይከኣላን፡፡ ብናይ ባዕለን ድኽመትን ኢ-ዴሞክራሲያዊ ፖለቲካዊ ኩነታት ትግራይ ተወሲኽዎን ካብ ዝተፈላለዩ ክፉላት ማሕበረሰብ ድጋፍ ክረኽባ 'ውን ኣይከኣላን፡፡

ትግራይ ቢሒቱ ካብ ፖለቲካዊ ውድብነት ሓሊፉ ንዓርሱ ከም ዋና ዓድን ህዝብን፣ ከም ዋና ዓንድን ሃይማኖትን ዝቖፀርን ንረብሕኡ ክብል ህዝቢ ጅሆ ዝሕዝን ስርዓት ህወሓት ዘለዎ ኩነታት ምርኣዩ ድማ ኣገዳሲ እዩ፡፡ ዓለም ዝጠንጠነቶ ፖለቲካዊ ፕሮግራሙ ንኣባላቱ እውን እንተኾነ ብድፍረትን ብወግዒን ክገልፅ ኣብ ዘይኽእሉ ብርኪ በፂሑ እዩ። ምስ ማሕበራዊ መሰረቱ ተቐራሒኑን ተቐያይሙን፤ ናይ ውድባዊ ጥርኑፍነት መትከላቱ ዓፊና ብዝመረሮም ኣመራርሓን ኣባላቱን ተጣሒሱ፤ ኣብ ስኒ ናይ ስነ ሓሳብ ፀላእቱ (ምዕራባውያን) ተቐርቂሩ፤ ብዉሽጢ ይኹን ብደገ ቅቡልነት ዘለዎ መሪሕነት ሲኢኑ፤ ደገፍ ውሑዳት ዓርሶም ንምክልኻል ዝደልዩ በዝበዝትን ሰብ ረብሓን ጥራሕ ሒዙ፤ ካብ ፖለቲካዊ ውድብነት ናብ ሰልፊ ገበነኛነት (criminal enterprise) ዝተቐየረ፤ መራሕቱ ዓርሶም ንምድሓን ኣብ ዝጓየይሉን ዝታኸንሉን ናይ ፃዕረ ሞት ኩነታት ይርከብ፡፡ ፖለቲካዊ እምነቱን ዉድባዊ መትከላቱን (ጥርኑፉነት ሓዊሱ) ብደጋዊ ተቓውሞ ጥራሕ ዘይኮነስ ካብ ዉሽጢ እናተሰባበረ ይርከብ፡፡ እቲ ስርዓት ኣብ ብዙሓት ናይ ሓይሊ ማእኸላት ዝተሰነጣጠቐ ኮይኑ ኣሎ፡፡ ኣብ ፍፁም ዉሽጣዊ ዘይምትእምማን ኣትዩ ብፀላእነት ካብ ዝሪኦምን ኣብ ልዕሊ ህዝብና እውን ታሪኽ ዘይርስዖ ጀኖሳይዳዊ ገበን ዝፈፀሙን ከም ሻዕብያን ብልፅግናንን ዝኣመሰሉ ሓይልታት ዉሕስነት ንኽረክብ ዘይመትከላዊ ፅምዶ ክገብር እዩ ቀባሕባሕ ዝብል ዘሎ፡፡

## 3. ማሕበራዊ ቁመና ትግራይ

ትግራይ ቅድሚ ኩናት ፅንተት 'ውን እንተኾነ ሓላዊት ዶብ ኮይና ኣብ 180 ዲግሪ (ኣብ ፍርቂ) ከበባ ዝነበረት፤ ህፃናታ 44% ዝደኸደኹ፤ 27% ህዝባ ትሕቲ ፀፍሒ ድኽነት ዝነብሩላ ዓዲ እያ ነይራ፡፡ ኣብ ከምዚ ዓይነት ሕመቕ ዝፀነሐት ትግራይ ናብ ሙሉእ ከበባን ፅንተታዊ ኲናትን ምስ ኣተወት ዘላትሉ ቁመና ድማ ንምግላፁ ኣዝዩ ዘፀግም እዩ፡፡ ሙሁር ታሪኽ ዝኾኑ ፕሮፌሰር ኣድሃና ሃይለ ኣብ ሓደ ፅሑፎም ሕልፈት ሃፀይ ዮሃንስ ስዒቡ ምፍራስ ስርዓተ መንግስቲ ትግራይ ስለዝፈረሰ በዚ ምኽንት ትግራይ ዝነበረትሉ ኩነታት እንተረድኡ ከምዚ ኢሎም ነይሮም፡፡ "Following the death of Emperor Yohans IV in 1988, Tigray became politically orphaned, militarily battered, economically shattered, and psychologically disoriented". "... ትግራይ ብፖለቲካኣ ዘኽታም፤ ብወታደር ዝተስዓረት/ዝተቐጥቀጠት፤ ብኢኮኖሚ ዝደቐቐት፤ ብስነ ልቦና እውን ዝተሰኮነት ኮይና" ንምባል እዩ፡፡ እዚ ቅድሚ 100 ዓመታት ገጢሙ ዝነበረ ናይ ውድቀት ኩነታት እዩ፡፡ ሐዚ እውን ግና ትግራይ ብቁጠባዊ ዓቅሙ ዝደቀቀ ካብ መረበቱ ጥራሕ ዘይኮነስ ካብ ልቦንኡ እውን ዝተፈናቀለን ተስፋ ሲኢኑ ፎቐዱኡ ዝብተን መንእሰይን ሙሁርን ዘለዋ ዓዲ ኮይና ኣላ፡፡ ማሕበራዊ ቅልውላው ትግራይ ብዓይነቱ፤ ብስፍሓቱ ይኹን ብመጠን ተላባዓይነቱ ኣዝዩ ዘደንፁ እዩ፡፡ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ታሪኹ ሪኢዎ ዘይፈልጥ ኮነ

ተባሂሉ ብዝምራሕ ስርዓታዊ ስርዓት ኣልቦነት ዝወለዶ ገበን፣ ብዝኣምኖም መራሕቱ ዝተፈፀሞ ክሕደትን ኣብ ርእሲ ሓዘኑ ዘጋጥሞ ዘሎ ውራር መሬትን መዓድንን ተደማሚሩ ኣብ ማሕበራዊ ንዝረት (shock) ኣትዩ ይርከብ፡፡

ማሕበራዊ ክብርታት ትግራይ ተደፊሮም፣ ዓገብን ገበንን ናብ ንቡርነት ኣብ ምስጋር ይርከብ፡፡ ኣብ ወራር ሃፍቲ ተፈጥሮ ተዋፊሩ ዘሎ ሓይሊ ናይ ባዕሉ ውዱብ ጉጅለ ሒዙ ስርዓት ማፍያ ክፈጥር ዝንቀሳቐሰሉ ተርእዮ/ምልክት እውን ይረኣይ ኣሎ፡፡ እዚ ኣብ ትግራይ ምስ መዓድን ተታሓሒዙ ዘሎ ወራር ዓለምለኻዊ ምትእስሳራት እናፈጠረ ኢዶም ብቐሊሉ ዘይረአን ዘይጥምዘዝን ዓበይቲ ባዕዳውያን ትካላትን መንግስታትን እውን ዝኣትውዎ እዩ፡፡ ተሞክሮ ዓለም ከም ዘምህረና ድማ እዞም ባዕዳውያን ሓይልታት ምስ በዝበዝቲ ውሽጣዊ ፖለቲካዊን ወታደራዊን መራሕቲ እናተሻረኹ ንባዕሎም ዝጥዕም ሰርዓት ክትከል ይገብሩ፣ ወይ ድማ ዓለም ቆላሕ ዘይትብሎ ውሽጣዊ ጎነፅ እናቀፃፀሉ ሃፍቲ ዝግሕጥጡ እዮም፡፡ ተስፋ ዝቖረፀ ኣባል ሰራዊትን ስራሕ ዝሰኣነ መንእሰይን ትግራይ ሰለባ እዚ ኩነታት ኮይኑ ከም ኮንጎን ሱዳንን ናብ ፍፁም ስርዓት ኣልቦነት ዘይቕየረሉ ምኽንያት የለን፡፡ እዚ ድማ ክእረም ናብ ዘይኽእል ማሕበረሰባዊ ምፍርራስን ሕድሕዳዊ ምጥፍፋእን ዘእቱ እዩ፡፡

ህዝቢ ትግራይ ሎሚ ተስፋ ዘሕድረሉን ዝኣምኖን ኣያ ዝሰኣነ ህዝቢ ኮይኑ ኣሎ፡፡ ናይ ሓባር ስቓይን ፍናንን ዘሕለፈ ህዝቢ ትግራይ፣ ሓበራዊ ባህግን መንነትን ፈጢሩ ከም ሓደ ስድራ ዝተኣሳሰረን ብብሔራዊ ሓድነቱ ዝልለን ስሙር ህዝቢ ትግራይ፣ ሎሚ እታ ዝዓበየት ብሔራዊ ሃፍቱ ዝኮነት **ማሕበራዊ እምነቱ** ብስርዓት ህወሓት ኣብ ሓደጋ ወዲቓ ኣላ፡፡ ዝፍንፍኖ ነውሪ ዘይብሉ፣ ዝነደየ ፖለቲካዊ ስርዓት ህወሓት ትግራይ ካብ ዉሽጢ ከፍርሳ ዝኽእል ከባብያውነት ብዘይ ሕንከት ከም ስትራተጂክ መስርሕን ድፋዕን ክጥቀም ጀሚሩ ኣሎ፡፡ እዚ ብኽልቲኦም ጉጅለታት ህወሓት ንጉጅላዊ ረብሐኦም ክብሉ ኣብ ከባቢያውነት ተሓቢኦም፣ ትግራዋይ ሕድሕዱ ከጣፍእዎን ማሕበራዊ እምነቱ ክሸርሽሩን ዝተወደበ ኩሉ ዓቕሞም የውፍሩ ኣለዉ፡፡ ካብ ጉጅለታት ህወሓት ብተወሳኺ ብሔራዊ ሓድነት ህዝቢ ትግራይ ንምብታን ብፀላእቲ ዝተጫጭሑ ከባብያዊ ሓይልታት ከም ዘለዉ እውን ዝፍለጥ እዩ፡፡ ብሔርተኝነት ትግራይ ብናይ ሓባር ታሪኽን ማሕበራዊ ክብርታትን ዝረወየን ኣብ ፅኑዕ መሰረት ዝተሃነፀን እኳ እንተኾነ፣ ሐዚ ዝረአ ዘሎ ኩነታት ብኣጋ እንተዘይተዓጊቱ ግና እዚ ፅኑዕ መሰረት ናይ ምፅዋር ዓቕሚ ስኢኑ ፋሕ ከይብል ዘስግእ እዩ፡፡

መሪሕነት ህወሓት ብንኡሱ ኣብ ትግራይ ቅድሚኡ ንዝነበረ ቃልሲ ቀዳማይ ወያነ እኳ ግቡእ ኣፍልጦ ዘይህብ፣ ንነብሱ ከም ኣቦ ወያነ ትግራይ ገይሩ እዩ ዝርኢ፡፡ ንናይ ህዝቢ ትግራይ ናይ 17 ዓመት ቃልስን ጅግንነትን እውን ከም ፈላማይን ዘይድገምን፣ ንነብሱ ድማ ናብ ሕቶ ዘይቐርብ፣ ዘይንቀፍን ፍሉይ በዓል ዉዕለታን ገይሩ ይቖፅር፡፡ ካብ ከምዚ ዝበለ ዝምቡዕ እምነት ተበጊሱ ድማ ሓዱሽ ወለዶ ትግራይ ከም ዘይእመን፣ ጨና ጅግንነት ዘይብሉ፣ ንመሪሕነት ዘይበቅዕን ዘይግብኦን፣ ዝተብሃሎ ሰሚዑ ዝተውሃቦ በሊዑ ሰዓቢ/ሓሸከር ጥራሕ ክኸውን ዘለዎ እዩ ኢሉ ይኣምን፡፡ ሓዱሽ ወለዶ ካብ ውሳነ ተገሊሉ እንተብቅዕ እዚ መሪሕነት ብዝፈጠሮም ስሕተታት ግን ቀዳማይ ሰለባ ኮይኑ እዩ፡፡ መሪሕነት ህወሓት ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ስልጣን እናሃለወ ህዝቢ ትግራይ ብሓፈሻ ብፍላይ ድማ እቲ መንእሰይ ብሄራዊ ረብሓ ትግራይ ዝምልከት እንትሓትት ብፀቢብነት እናተኾነነ ክጥቃዕ ፀኒሑ እዩ፡፡ መሪሕነት ህወሓት ንህዝቢ ትግራይ ዘይድኽነት ካልእ ፀላኢ ኣይብልካን እንዳበለ፣ ብተግባር ግና መዓት ፀላእቲ ኣፍርዩሉ እዩ፡፡ ነዚ ኩነታት ቀልጢፉ ዝተረደአ ሓዱሽ ወለዶ ኣንፃር ብሔራዊ ህላዌና ዘቕነዐ ፀገም ይመፅእ ኣሎ፣ ብኡ ልክዕ ክንዳሎ ይግባእ፣ እንትብል ብመሪሕነት ህወሓት ተነፂጉ እዩ፡፡ ከም ውፅኢቱ ድማ ህዝቢ ትግራይ ከይተዳለወ ፀኒሑ ኣደዳ ግፍዓውያን ወረርቲ ኮይኑ፡፡ በዚ ምኽንያት ሓዱሽ ወለዶ ትግራይ መሪሕነት ህወሓት ንህዝቢ ትግራይ ኢዱ ሒዙ ከም ዘውቅዖ እዩ ዝኣምን፡፡

መሪሕነት ህወሓት ንፀላእቲ ኩሉ ዓቕሚ ኣዕጢቑ ትግራይ ተነፂፍዋ ምስ ወደቐ መንእሰይ ትግራይ ካብ ባዶ ተበጊሱ ተኣምር ሰሪሑ እዩ፡፡ እንተኾነ ብሰንኪ እዚ መሪሕነት ሐዚ እውን ሓዱሽ ወለዶ ዘመዝገቦ ወታደራዊ ዓወት ተሓንሺሹ ቃልሲ ናፅነት ትግራይ እውን ክተዓናቐፍን ክተሓላለኽን ገይሩ እዩ፡፡ ካብ ውሳነታት ብምግላሉ ባዕሉ ንዘይፈጠሮም ፀገማት ግዳይ እናኾነ ዘሎ እዚ ሓዱሽ ወለዶ ቅርታ ሒዙን ሓሪኑን ብናይ ባዕሉ መንገዲ ክቃለስ ይፍትን ኣሎ። ስለዚ ወለዶኣዊ ዘይምትእምማን ካብ ዝኾነ እዋን ንላዕሊ ግልፂ ኮይኑ ኣሎ፡፡ ኣብ ሞንጎ ወለዶ ህወሓትን ሓዱሽ ወለዶ ናፅነትን ዘሎ ኣፈላላይ ናይ ተጠቃምነት ኣፈላላይ ኢልካ ኣቕሊልካ ዝረአ ዘይኮነስ፤ ብኣውርኡ ናይ ብሔራዊ ባህጊን ራእይን ኣፋላላይ እዩ፡፡ ብሓፈሻ እዚ ወለዶ ኅይታ ነብሱ ክኸውን፤ ዘበኑ ክውንንን፤ ኢሉ እውን ብመትከላት ሓርነት፣ ማዕርነት፣ ሕውነት ዝዓሰሎ ምዕሩይ ፖለቲካዊ ስርዓት ትግራይ ክፈጥር ኣብ ዝገብሮ ቃልሲ ምስ መሪሕነትን ወለዶን ህወሓት ኣብ ምርፃም ይርከብ፡፡

## 4. *ሓይሊ ፀጥታ ትግራይ*

ከም ዝፍለጥ ሓይሊታት ፀጥታ ትግራይ ብፍላይ ድማ ሓይልታት ምክልኻል ትግራይ (TDF) ኣብ ልዕሊ ህዝብና ብፀላእቲ ዝተፈፀመ ናይ ፅንተት ኲናት ንምምካት ብፍፁም ብሔራዊ ፍቕሪን ብርሱን ብሔራዊ ወነን ዝተፈጠረን ከቢድ መስዋእቲ ከፊሉ ዓለም ዘገረመ መስተንክር ዝሰርሐን ገዚፍ ብሔራዊ ሓይሊ እዩ፡፡ እንተኾነ ግና ብፍላይ ድሕሪ ሰነ 2013 ኣ.ግ ማለት እውን ሰራዊትና ከተማ መቐለ ድሕሪ ምቁፅፃሩ ብሰንኪ ብስርውና ፖለቲካዊ መሪሕነት ህወሓትን ላዕለዎት መራሕቲ ሰራዊትን እቲ ቃልሲ ዕላምኡን ኣንፈቱን ክስሕት ጀሚሩ እዩ፡፡ እቲ ቃልሲ ከም ናይ ስልጣን፤ እቲ ሰራዊት ድማ ናይ ህወሓት ከም ዝኾነ ተቖፂሩ ዲፕሎማሲያዊ ኪሳራ ኣስዒቡ እዩ፡፡ ስለ ዝኾነ ድማ ልክዕ ከምቲ ኣብ ፖለቲካ ትግራይ ዘሎ ምክፍፋል ሓይሊታት ፀጥታ ትግራይ እውን ብወሎዳኣዊን ፖለቲካዊ ዕላማን ኣፈላላይ ኣብ ክልተ ዓበይቲ ክፋላት ዝኽፈል እዩ፡፡ በቲ ሓደ መዳይ ኩሎም ምባል እኳ እንተዘይተኽኣለ ገለ ካብቲ ኣብ ጫፍ መሪሕነት ዘሎ ተኣማንነቱ ብቀዳምነት ንህወሓት ከም ዝኾነ ብዝተፈላለዩ ኣጋጣምታት ዓርሱ ዘቃለዐ ክፋል እንትህሉ፤ በቲ ካልእ መዳይ ድማ እቲ ታሕተዋይ ብርኪ መሪሕነት ብፍላይ ድማ እቲ ታራ ኣባል ሰራዊት ተኣማኒነቱ ነታ ብሔር (ንህዝቡ) ጥራሕ ምዃኑ ብዝረኸቦ ኣጋጣሚ ዘንፀባርቐ ዘሎ ጅግና ተጋዳላይና ይርከብ፡፡ እንተኾነ ግና ወሳኒ ሓይሊ እቲ  መሪሕነት እዩ፤ እሱ ድማ ብፍላይ ዉዕል ፕሪቶርያ ሲዒቡ ኣብቲ ፖለቲካዊ መሪሕነት ህወሓት ዝተፈጠረ ምስንጥጣቕን ምትፍናንን ተኸቲሉ ዋላ እኳ ኩሉ እዩ እንተዘይበልና ቀሊል ዘይበሃል መሪሕነት ሰራዊትና ግና ዉግንንኡ ንቲ ድሕሪ ስምምዕነት ፕሪቶርያ ካብ ስልጣን ዝተገለፈ ክፋል ህወሓት ኮይኑ እዩ፡፡

እዚ መሪሕነት ሰራዊት እዚ ቅድም ክብል ምልክት ትግራዋይነትን ሕላገት ጅግንነት ተጋሩን ተገይሩ ዝቑፀር ክቡርን ተሰማዕን እዩ ነይሩ፡፡ ይኹን እምበር ኣብ ከይዲ እቲ ኲናትን ኣብ ዉፅኢቱ ብዝተረኣየ ፍሽለትን፤ ከምኡ እውን ድሕሪ ስምምዕነት ፕሪቶርያ ገለ ላዕለዎት ኣዘዝቲ ኣብ ፖለቲካዊ ምሕደራ ትግራይን ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት እቲ ዝወገኑሉ ውድብን ብዘርኣይዎ ዘይግቡእ ጣልቃ ኣታውነትን ሳዕቤኑን ህዝቢ ትግራይ ኮነ ታሕተዋይ መሪሕነትን ታራ ኣባልን ሰራዊት ተዓዚቡ እዩ፡፡ ስለ ዝኾነ ድማ ከም መድሕን ብሔርን ሕላገት ጅግንነት ተጋሩን ዝረኣዩ ዝነበሩ ገለ ካብቶም ላዕለዎት ኣዘዝቲ ሰራዊት፤ ትሕቲ ትፅቢቱ ኮይኖሞ ህዝቢ ትግራይ ኮነ ሰራዊት  ኣብኦም ዝነበሮ እምነት ተሸርሺሩ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ ስግኣት እውን ወዲቑ እዩ፡፡ ሓይሊ ፀጥታ ትግራይ ዘይሻራዊ ክኾን ኣይከኣለን፡፡ ዓርሱ ዝኽኣለ ውዱብ ቅዋም ሒዙ ሓደ ናይ ሓይሊ ማእኸል ክኸውን እውን ኣይከኣለን፡፡ ስለ ዝኾነ ድማ ናይ ዝተፈናጨሉ ጉጅለታት ህወሓት መሳርሒ ኮይኑ ፖለቲካዊ ረፅሚ ትግራይ ናብ ኅነፅ ከየምርሖ ዝብል ስግኣት ፈጢሩ ኣሎ፡፡ ብሓፈሻ ሓይሊ ፀጥታ ትግራይ ኣይኮነን ዶ ህዝብን ዓድን ካብ ሓደጋ ናይ

ምክልኻል ባህሪያዊ ልኡኹ ብዝግባእ ክፍፅም፤ ንባዕሉ ናብ ሓደጋ ኣሳጢሑ ንመላእ ህዝብን ዓድን እውን ክንወፆ ኣብ ዘይንኽእል ሓደጋ ከየቃልዐና ዘስግእ እዩ፡፡ ህዝቢ ትግራይ ግና ዋላ ሐዚ ድሕሪ ስምምዕነት ፕሪቶሪያ እውን እንተኾነ ኣዝዩ ዝተሓላለኸ ናይ ድሕንነት ስግኣት ዘለዎ ህዝቢ እዩ፡፡ ስለ ዝኾነ ሓይሊ ፀጥታ ትግራይ ካብ ዝኾነ ውድባዊ ውግንና ናፃ ኮይኑ ህላወን ድሕንነትን ብሔር ጥራሕ ዝጥምት ዕንቱር ብሔራዊ ሓይሊ ክኸውን እዩ ይግባእ፡፡

## 5. *ትካላት ትግራይ*

ናይ ዝኾነ ስልጡን ማሕበረሰብ ዝዓበየ ፖለቲካዊ ትካል መንግስቲ እዩ፡፡ ስርዓተ መንግስትነት ትግራይ ድማ ናይ ባዕሉ ታሪኻዊ ሰረታት ሓጊዝዎ ስርዓተ መንግስትነት ብግብሪ ዘፅንዑ ባይቶኣዊ ልምድታት፤ ስሩዕነት ዘደንፍዑ ማሕበራዊ ክብርታት ዘለውዎ እዩ፡፡ ትግራዋይ ኣብ ልቦንኡ ከም ሃገር ዝሓስብን ናይ ባዕሉ ጉዳይ ባዕሉ ክኣሊ ዝደልን ህዝቢ እዩ፡፡ ስርዓተ መንግስቲ ተኺሉ ንኣሽሓት ዓመታት ዝነበረን መንግስትነቱ ውሑስ ንምግባር ኩሉ ዓይነት መስዋትነት እናኸፈለ ዝመፀን ህዝቢ እዩ፡፡ እንተኾነ ግና ትግራዋይ ሎሚ ናተይ ዝብሎ መንግስትን ስርዓተ መንግስትነትን ኣይብሉን፡፡ ቤት ምኽሪ ሓዊሱ መንግስትነት ዘቑሙ ትካላትን ኣካላትን መንግስቲ፣ ከምኡ እውን ዋላ ክልላዊ ይኹን ፖለቲካዊን ግዝኣታዊን ላእላውነቱ ሎሚ የለን፡፡ እቲ ሐዚ ዘሎ ግዝያዊ ምምሕዳር እንተኾነ እውን ስምምዕነት ፕሪቶሪያን ኣግባብ ዘለዎም ሕግታት ኢትዮጵያን ዝፈጥሩሉ ሕፅረት እኳ እንተሃለወ፤ ነዚ መቑረንቲ ሰጊሩ ቤት ምኽሪ ከጣይሽ ዝኽልክል ፕሪቶሪያ ኮነ ኣዲስ ኣበባ ከም ዘየለ ተገንዚቡ፤ ቤት ምኽሪ ከጣይሽ ስለ ዘይከኣለ፤ ሓድነት ዘይብሉ፤ ናይ ህዝቢ ኣመኔታን ቅቡልነትን ከምኡ እውን ናይ ምድርዳር ዓቕሚ ዘይብሉ፤ በቲ ሓደ መዳይ **<u>ንውልቀ ምልኪ</u>** በቲ ካልእ መዳይ ድማ **<u>ንተለኣኣኽነት</u>** ዝተቃለዐን ብዝኾነ ይኹን መመዘኒ ንህዝቢ ትግራይ ፈፂሙ ዘይምጥንን ድኹም ምምሕዳር እዩ፡፡

ትግራይ ናፃ ቤት ፍርዲ ይኹን ናፃ ሚድያን ሲቪል ትካላትን ከይህልዋኣ ብፖሊሲ በቲ ዝፀንሐ ስርዓት ሓደ ውድብ ዝተሰረሐሉ ስለ ዝኾነ ብናይ ባዕለን ሳምባ ዘተንፍሳ ትካላት ይኹና ሲቪል ማሕበራት እውን ኣይብላን፡፡ እንተኾነ ግና እቲ ዝነበረ ዓፋኒ ስርዓት ናይ ምዕፋን ዓቕሙ ይዳኸም ብምህላዉ ገለ ትካላት ኣብ ከይዲ ሕውየት ክህልዋ ተስፋ ይግበር፡፡ ኣብ ትግራይ ክህሉ ዝድለ ለውጢ እውን ዓለምለኻዊ ድጋፋት ክግበረሉ ምግባር ይከኣል እዩ፡፡ እዚ ዓለማዊ ደገፍ ካብ ገንዘባዊ ፅግዕተኝነት ብምድሓን ትካላዊ ናፅነተን ክረጋገፅ ስለ ዝሕግዝ ምስቲ ናፃ ክኾና ዝግበረለን ዘቤታዊ ድፍኢት ተደሚሩ ናብ ዝሓሸ ብርኪ ክዓብያ ዕዙዝ ግደ ክፃወት እዩ፡፡ ትካላትናን ሚድያታትናን ዝሓሸ ትካላዊ ናፅነት ምስ ዝህልወን ድማ ሓይሊ ሚዛን ህዝብን መንግስትን ኣብ ምትዕርራይ ናይ ባዕለን ኣወንታዊ ፅልዋ ከሕድራ እየን፡፡

## 6. *ናይ ሓባር ርድኢት ክተሓዘሎም ዝግባእ ነጥብታት*

ቅድሚ እንታይ ይገበር ናብ ዝብል ናይ መፍትሒ ሓሳብ ምቕራብ ምስጋርና ከም ህዝቢ ብፍላይ ድማ ከም ሓይልታትን ተዋሳእትን ፖለቲካን ልሒቃንን እንተወሓደ ኣብዞም ቀፂሎም ዝተዘርዘሩ ዓበይቲ ነጥብታት ክንተኣማመንን ናይ ሓባር ርድኢት ክህልወናን ይግባእ፡፡

ቀዳማይ፡ ትግራይ ኣብዚ ሐዚ ሰዓት ኣብ <u>ኩለ መዳያዊ ንዝረት (total shock)</u> ወዲቓ ከም ዘላ ናይ ሓባር ምርድዳእ ክህልወና ይግባእ፡፡ ማሕበረ-ቁጠባዊን ፖለቲካዊን ጥዕና ትግራይ ጥራሕ ዘይኮነስ፤ ስርዓተ ክብርታት ህዝቢ ትግራይ እውን ንዝረት ገጢምዎም ኣብ ሓደጋ ምፍርራስ ዘለና ህዝቢ ኢና፡፡

ካልኣይ፡ ኣብ ትግራይ ኣብ ኩሎም ፖለቲካዊ ሓይልታትን ተዋሳእትን ምትእምማን ከም ዘየለን፤ ከም ውፅኢቱ ድማ ከም ብሔር ዘማእኸለና ስኢንና ኣብ ጫፍ ሓደጋ ምፍርራስ ከም ዝኣተና ክንርዳእ ይግባእ፡፡ ማሕበራዊ እምነት እንትሸርሸር ብሄራዊ ዓንድታት ክፀንዑ ኣይኽእሉን፡፡ ህዝቢ ትግራይ ማሕበራዊ እምነቱን ብሔራዊ ዓንድታቱን ይሸርሸሩ ምህላዎምን ረብሕኡን ህልውንኡን ከውሕሰሉ ዝኽእል ብሄራዊ ትካልን ዓቕምን ስኢኑ ከም ዘሎን ምግንዛብ ኣድላዪ እዩ፡፡

ሳልሳይ፡ ሓይልታት ህወሓት ዘርእይዎ ዘለዉ ህልኽ ዝተመልአ ረፅሚ ንዓኣቶም ናይ ጉጅላዊ ህልውና ስግኣት ዝወለዶ ረፅሚ እንትኸውን ንትግራይ ድማ ብሄራዊ ሓደጋ ከም ዝኾነ ምርዳእ የድሊ፡፡ ነቲ ስርዓት ዘብቆለ ድሕረት ደማዊ እምበር ሰላማዊ ስግግር ስርዓት ኣተኣናኒዱ ዘይፈልጥ ምስ ምዃኑ ተተሓሒዙ እቲ ስግኣት ኣብ ጠርዚ ዝበፅሐ እዩ፡፡ ብመሰረቱ ከም ኩሎም ገበትን መለኽትን ስርዓታት (totalitarian regimes) እዚ ስርዓት እውን ናተይ ዝብሎ ህዝቢ ኣይብሉን፡፡ ብናይ መለኽቲ ናይ ቁማር ሕጊ “0 ወይ 100 (All or None)” መሰረት ሙሉእ ህዝቢ ክሳብ ዝሃልቅ ክፃወት ይኽእል እዩ፡፡ ነዚ ሰብኣውነት ዝጎደሎ ናይ ህልቂት ኣካይዳ ብዘይሕንከት ዘተኣናግድ በረኸኛ ባህሊ ዝተላበሱ እዮም፡፡ ህወሓት ኣይገብርዎን ዝበሃል ዓገብ የለን፡፡ ህልኾም እውን ዝኾነ ዶብ ኣይብሉን፡፡ ስለዝኾነ ኩሎም ክፋላት ህወሓት ሐዚ ዝገብርዎ ምንቅስቃስ **<u>ንዓኣቶም ናይ ህላወ</u>** ጉዳይ ብምዃኑ ንትግራይ ብሔራዊ ሓደጋ እዩ፡፡ እዚ ክሳብ ሐዚ ህወሓት ዝመፅኦሉ ታሪኽ እውን ዝነግረና ሓቂ ስለ ዝኾነ ብዝግባእ ምርዳእ የድሊ፡፡

ራብዓይ፡ ትግራይ ሐዚ ግልፅነት፣ ህዝባዊ ቅቡልነትን ኣመኔታን ከምኡ እውን ዓቕሚ ዘይብሉ መንግስትን ትካላትን ሒዛ ይትረፍ ዶ ፍትሕን ተሓታትነትን ክተምፅእ ከም ዓዲ/ብሔር ህልውንኣ ከተቐፅል ትኽእለሉ ዕድል እውን ኣብ ሓደጋ እዩ ዘሎ፡፡ እዚ ብዝግባእ ምርዳእ ከውንነት ምቕባል ጥራሕ ዘይኮነስ መወፃእ ንምንፃር እውን ወሳኒ ምዃኑ ምግንዛብ የድሊ፡፡

ሓምሻይ፡ ህዝቢ ትግራይን እዚ ዘለናሉ ኩነታት ባዕሉን ኩለ መዳያዊ ለውጢ ይጠልብ ከም ዘሎን ከም ዝግባእን እውን ምትእምማንን ሓበራዊ ምርድዳእን ክንሕዝ ይግባእ፡፡ ትግራዋይ ተሸኪምዎ ዝመፀ ስርዓት ህወሓት ካብ ፅንተት ከድሕኖ ኣይከኣለን፤ ብምዃኑ ድማ ህዝቢ ትግራይ ብሓፈሻ እዚ ሓዱሽ ወለዶ ድማ ብፍላይ ብንኡሱ ኣብቲ ስርዓትን መሪሕነቱን እምነት ስኢኑ እዩ፡፡ ህዝብና ድሕሪ እዚ ኹሉ ፅንተታዊ ሓሳረ መከራ እውን እንተኾነ ስቓዩ ዝዓግተሉ ዘይኮነስ ናብ ካሊእ ናይ ስቓይ ምዕራፍ ዘሳግር ኣካይዳ ህወሓት ተዓዚቡ ኣብ ስግኣት ኣትዩ ኣሎ፡፡ ስለዝኾነ ድማ ለውጢ ክጠልብ ባሕርያዊ እዩ፤ ግቡእ እውን እዩ፡፡

ሻድሻይ፡ ሰላም ን ህዝብና ስትራተጂክ ሕርያ ምዃኑ፤ ብፍላይ ኣብዚ ሐዚ እዋን ድማ ቀይሕ መስመር ምዃኑ ክንረዳዳእ ይግባእ፡፡ ኣብ ክንዲ ኣብ ኩለ መዳያዊ ውድቀት ዘላ ትግራይ ንምድሓን ኩሉ ዓቕሚ ኣኪብካ ምርብራብ፤ ውሽጣዊ ሕመቕ ሓቝፍካ ንጉጅላዊ ረብሓን ስልጣንን ክበሃል ጥራሕ ህዝቢ ዝህውኽን ናብ ሕድሕዳዊ ጎነፅ ዘምርሕን ዝኾነ ዓይነት ምንቅስቃስ ምግባር ዘለናሉ ሕማቕ ኩነታት ናብ ዝገደደ ደልሃመት ዝወስድን፤ ከም ህዝቢ ዘጥፍኣናን ካብ ምዃን ሓሊፉ ን ማንም ከድሕን ከም ዘይኽእል ክንረዳዳእ ይግባእ፡፡

ሻብዓይ፡ ፀዓዱ "Every cloud has a silver lining." ይብሉ፡፡ ሕማቕ ዝበሃል ኩነታት/ኣጋጣሚ እውን ናይ ባዕሉ ፀጋታት ኣለውዎ እዮም ከም ማለት እዩ፡፡ ኣብ ፀላም ኮይንኻ እውን ዋግዋጎ ብርሃን ምርኣይ ባህሪያዊ ስለ ዝኾነ እዚ ዘለናሉ ኩነታት ፀገም ጥራሕ ዘይኮነስ ካብ ፍፁም ምልካዊ ስርዓት ተናጊፍና፤ ናይ ሓሳብ ብዝሓነት ናብ ዘተኣናግድ ናይ ዴሞክራሲ ስርዓት

ስግግር ንምግባር ዕድል ዝህብ እውን ከም ዝኾነን፤ እዚ ዕድል ብኣግባቡ መዝሚዝካ ናብ ዝሐሸ ብራኺ ምሕንካብ ከምልጥ ዘይግብኦ ዕድል ምዃኑን ምርዳእ እውን የድሊ እዩ፡፡

## 7. ፍታሕ፡

### 7.1. እቲ ፍታሕ እንታይ እዩ?

ትግራይ ናብዚ ሐዚ ዘላቶ ማሃሙቅ ክትወድቕ ዝኸኣለት ብውሽጣዊ ፖለቲካዊ ሕመቕ እዩ፤ ስትራተጂካዊ ስሕተት ዝወለዶ መዋቅራዊ ለውጢ ዝጠልብ ስርዓታዊ ፀገም እዩ፡፡ ስለዚ እቲ ፍታሕ ስርዓታዊ ለውጢ ምምፃእ እዩ፡፡ እቲ ፀገም ዝፈጠረ ስርዓት ብልክዑ ክቕየር ኣለዎ፡፡ ስርዓታዊ ለውጢ ዝጅምር ድማ ኣብ መንግስታዊ መስርሕ እዩ፡፡ ብሔረ - መንግስትነት ትግራይ ምድሓን ማእኸሉ ዝገበረ ለውጢ ክኸውን ይግባእ፡፡ እዚ ድማ መሰጋገሪ ዝኸውን ሓቋፊ ግዝያዊ መንግስቲ ብምምዕርራይ ዝግለፅን ብኡ ዝጅመርን እዩ፡፡ እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት መንግስትነትና ብስምምዕነት ፕሪቶሪያ ስለዝፈረሰ ጥራሕ ዘይኮነስ፤ በቲ ሓደ መዳይ እዚ ኣንፀላልዩና ዘሎ ሓደጋ ዓጊቱ ንትግራይ ከሰጋግር ዝኽእል ናይ ምልኣተ ህዝቢ ኣመኔታን ቅቡልነትን ዘለዎ፤ ከምኡ እውን ናይ ምድርዳርን ናይ ምግባርን ኩለመዳያዊ ዓቕሚ ዝወነነ፤ ዘቤታውን ዓለማውን ቅቡልነት ዘለዎ ሓደ ሓይሊ ወይ ናይ ሓይልታት ጥምረት ስለ ዘየለ፤ በቲ ካሊእ መዳይ ድማ እዞም ኣብ ትግራይ ዘለዉ ፖለቲካዊ ሓይልታት ተዋሳእትን ኩሎም ሕድሕዳዊ ምትእምማን ዘይብሎም ስለዝኾኑን እዩ፡፡ ናይ ትግራይ ፀገም ብዓይነትን ስፍሓትን እንትረአ እውን ብሓደ ኣካል ፈፂሙ ክፍታሕ ዘይኽእል እዩ፡፡ ስለ ዝኾነ ዓቕምታት ትግራይ ዝጥቀም፤ ሓይልታት ፖለቲካ ትግራይ ዝእክብ፤ ሕድሕዶም ኣፍልጦ ዝዋሃሃብሉን ዝከባበሩሉን፤ ምትእምማን ፈጢሮም ዓርሰ ውሕስነት ዝረኽቡሉ፤ ህዝቢ ትግራይን ካልኦት ዝምልከቶም ኣካላትን ተስፋ ኣስኒቑ እምነቱን ደገፉን ክህቦ ዝኽእል ናይ ለውጢ መስርሕ ምኽታል የድሊ፡፡

እዚ ለውጢ ድማ ፍፁም ሰለማዊን እናማዕበለ ዝኸይድን ክኸውን ይግባእ፡፡ ፍፁም ሰላማዊ ማለት ጎነፅ ኣልቦን ብብሔራዊ ሓልዮት ዝምእዘን ድርድርን ጥራሕ ዝውዳእ ማለት እንትኸውን፤ እናማዕበለ ዝኸይድ ማለት ድማ ኣብዚ ናይ ስግግር እዋን ክሰርሖ ዝግብኦም ተግባራት ብዝግባእ ብምክንዋንን ከም ብሔር ብሙሉእ ድሉውነት ናብ መረፃ ብምብፃሕ ብህዝቢ ብዝምረፅ መንግስቲ ኣቢሉ ሙሉእ ስርዓታዊ ለውጢ ከረጋግፅ ዝኽእል ከይዲ ማለት እዩ፡፡ እዚ ከይዲ ተመራፂ ዝገብሮ ብቐንዱ ንኹሉ ካብ መሰረቱ ብሓደ ግዘ ክቕይር ዝኽእል ሓያልን ቅቡልን ኣካልን ኣኽኣላይ ኩነታትን ስለ ዘየለ እዩ፡፡ ብተወሳኺ ድማ ጉዳይ ትግራይ ናይ ግዳማውያን ኣካላት ኢድ ኣእታውነትን ምስኡ ተተሓሒዞም ዝመፁ ግዳማውያን ዕንቅፋታትን ስለ ዘለውዎ እውን እዩ፡፡ ኣብ ትግራይ ዘሎ ናይ ፕሪቶርያ ዉዕሊ ፈራሚ ኣካል እንተኾነ ’ውን እንተነኣሰ እዚ ሰነድ እዚ ክሳብ ዝፀሓፍ ዓርሱ ንመሰረታዊ ስርዓታዊ ለውጢ ፍፁም ቅሩብ ስለዘይኮነ እዚ እናማዕበለ ዝኸይድ ፍፁም ሰላማዊ ስርዓታዊ ለውጢ ግብራውነቱ ዝዓዘዘ ይኸውን ካብ ዝብል እምነት ዝብገስ እዩ፡፡ እዚ ከይዲ ስርዓታዊ ለውጢ ብድርድርን ፍፁም ሰላማውን ክኸውን እንተኾይኑ ድማ እትህቦን እትቅበሎን ወይ ብወሳናይነት ድሕነት ብሔርን ብሔረ - መንግስትነትን ትግራይ ጥራሕ ኣብ ግምት እናእተኻ ከም ተጋሩ ትዋገዮ ክህሉ ባህርያዊ እዩ፡፡

ፍፁም ሰላማዊን እናማዕበለ ዝኸይድን ከይዲ ስርዓታዊ ለውጢ መዋቕራዊ ፍታሕ ሒዙ ዝመፅሉን ዝግለፅሉን እንተወሓደ ናይ ልሒቃንን ሓይልታትን ፖለቲካ ትግራይ ኣመኔታን ቅቡልነትን ዘለዎ ሓቓፊ ግዝያዊ መንግስቲ ክህሉ ብምግባር እዩ፡፡ ብድርድር ግዝያዊ ቤት ምኽሪ ተጣይሹ ብሔረ - መንግስትነት ትግራይ ካብ ሙሉእ ፍርሰትን ምስለኔነትን ምድሓን

ቀዳምነት ይህልዎ፡፡ ቅቡልነት ዘለዎ፤ ብዝሓነት ዘተኣናግድ፤ መንግስታዊ መዋቕር ንዲሞክራሲ ሰረት ዘንፅፍ እዩ፡፡ ነዚ ተኸቲሉ ዝዕምብብ ስምረት ደራኻይነት (ናይ ምድርዳር ዓቕሚ) ዘዕቢን ብሔራዊ ህላወን ረብሓን ትግራይ ዘውሕስን እዩ፡፡

## *7.2. ከመይ ይትግበር: ፖሊሲ - 00!*

ትግራይ ካብ ባዶ ትበገስ፡፡ ትግራይ ነዚ ልዕል ኢሉ ዝተገለፀ ስትራተጂካዊ መፍትሒ ናብ ግብሪ ክሽረፍ ዘኽእሉ ኣንፈታት የድልይዋ፡፡ ትግራይ ንድቅሚት እምበር ንድሕሪት ዘይርኢ ለውጢ ክትክተል ኣለዋ፡፡ ፖሊሲ - 00 ማለት ድማ ከይድን ውዒኢትን እዚ ለውጢ **ግዳይ ኣልቦ** ዝገብር ፖሊሲ እዩ፡፡ ኣብ ከይዲ እዚ ለውጢ ይኹን ድሕሪ እዚ ለውጢ፤ ቅድሚ ለውጢ በቲ ዝነበረ ስርዓት ዝተፈፀመ ዝኾነ ይኹን ስሕተት ይኹን ገበን "ንሕልናን ታሪኽን" ገዲፍና ምሉእ ብምሉእ ካብ ተሓታትነት ዘድሕንን ውሕስነት ዝህብን ክኸውን ይግባእ፡፡ ንሰላማዊ ለውጢ ድሉው ዝኾነ ከም ኣካል ኮነ ከም ዉልቀ ሰብ ካብ ዝኾነ ተሓታትነትን ናይ ሃፍቲ ምፅብፃብን ዘድሕንን ውሕስና ዝህብን ክኸውን ይግባእ፡፡ ኣብ ትግራይ ብዝግበር ሰለማዊ ናይ ስርዓት ስግግር ዝርብሑን ዝድግፉን ዓለም ለኻውያን ኣካላትን ትካላትን ዘድሊ ዘበለ ደገፍ ክገብሩን ዉሑስ መንገዲ (safe exit) ክፈጥሩን ምግባር እውን ይከኣል እዩ፡፡ እዚ ምስ ዝኸውን ነዚ ስርዓት ዝከላኸልሉ ሰብ ፍሉይ ረብሓ ይኹኑ እቶም ተሓታትነት ብምስጋእ ካብ ስልጣኖም ንዘይምውራድ ክሳብ መወዳእታ ምስ ዝኮነ ፀላኢ ፀሚዶም ክቃለሱ ዝኽእሉ ዓቀብቲ እቲ ስርዓትን ኣካል እቲ ሰላማዊ ናይ ስርዓት ለውጢ ክኾኑ ዕድል ዝህብ እዩ፡፡ ነዚ ዕድል እዚ ነፂጎም እንተኸይዶም ድማ ብህዝቢ ክትፍኡ፤ ግዳይ ክኾኑን ከቢድ ዋጋ ክኸፍሉን ዝገብር እዩ፡፡ ነቲ <u>ብሔራዊ ሓልዮት</u> ዘርኢ ኣካል ድማ ኣብ ልቢ ህዝቢ ዘቕምጦ ኮይኑ ቅቡልነቱ ዘዕቢ እዩ፡፡

ፖሊሲ - 00 ትግራይ ንድሕሪት ተመሊሳ ክትካሰስን ክትናኸስን ዘይኮነስ፤ ንቕድሚት ክትርኢን ብሔራዊ ህላዌኣ ከተውሕስን ጥራሕ ዝገብር እዩ፡፡ ብመሰረቱ ትግራይ ሐዚ ብዘላቶ ኩነታት ኣይኮነን ዶ ንድሕሪት ተመሊሳ ኣብ ልዕሊ ጥፍኣት ዝፈፀሙ ደቃ ተሓታትነት ከተረጋግፅ፤ ኣብ ልዕሊ እቶም ፅንተት ዝፈፀሙላ ግዳማውያን ሓይልታት እውን ፍትሒን ተሓታትነትን ከትሓትት ኣብ ትኽእለሉ ቁመና ኣይኮነትን ዘላ፡፡ ብቐንዱ መንግስቲ ዘይብላ ትግራይ ልዕል ኢሉ ከም ዝተገለፀ ልዕልነት ሕጊ ዘኽብራ ናየ ትካላት እውን ዘይብላ ዓዲ ተሓታትነት ከተረጋግፅ ኣይትኽእልን፡፡ ብስም ተሓታትነት ዓንደርቲ ሰብ ግዘ ድላዮም ክገብሩ እንተዘይኮይኑ ብሕግን ስርዓትን ዘይምራሕ ስርዓት ተሓታትነት ክስፍን ኣይኽእልን፡፡ ብተወሳኺ ብቐጥታ ወይ ብተዘዋዋሪ ንስርዓት ህወሓት ከም ህዝቢ ድጋፍ እናገበርናሉ እናሓብሐብናዮን እናተሓሸከርናሉን ዝፀናሕና ስለ ዝኾንና ኣካል እቲ ሕመቕን፤ ናይቲ ተሓታትነት እውን ከከም ብፅሒትና ክንወስድን ይግባእ እዩ ኢልካ ምሕሳብን 'ውን ጠቓሚ እዩ፡፡ ናይ ውድቀትና ምኽንያት ምስ ነብስና ኣጣቢቕና ሓላፍነት እንትንወስድ መሪር ልምዲ (hard lesson) ከም ብሔር ክንወስድ ዘኽእለና እዩ፡፡

**ፖሊሲ - 00** ዝጥለበሉ ተወሳኺ ምኽንያት ከም ህዝቢ ንድሕሪት ተመሊስና ንገለ ናይ ባዕልና ኣካል ተሓታቲ ብምግባር እንከሓሶ 'ውን ስለ ዘየለ እዩ፡፡ ንቕድሚት ጥራሕ ብምርኣይ ካብ ዘለናዮ ደልሃመት ክንወፅእን ዝምዕብሉ ዘለዉ ሓደሽቲ ፀገማት ክንገትእን ብሙሉእ ዓቕምን ብብሔራዊ ሓልዮትን ጥራሕ ምርብራብ ተመራፂ ስለ ዝኾነ እዩ፡፡ ብቐንዱ ኣብ ትግራይ ዝኸይድ ዘሎ ምውጣጥ ናብ ጎነፅ ከየምርሕ ዘህድእ እዩ፡፡ ካብ ሑልፍና ተማሂርና ሓዱሽ መፃኢ ክንስእል ማሕበራዊ ምትእምማንን ብሔራዊ ስምረትን ክነሐይል ዘኽእለና እውን እዚ መንገዲ እዚ ጥራሕ እዩ፡፡ ልዕሊ ኩሉ ተስፋን እምነትን ኣብ ዓድና ከነንብር ሕድሕድና ካብ ምልጥጥ ክንወፅእ ኣለና፡፡

## 8. *ግደ ሲቪል ትካላትን ኣድላይነት ቤት ምኽሪን*

ኣብ ከይዲ ድርድር ዘቤታዊ ሲቪል ትካላትን ነዚ ፖለሲ - 00 ዝተሰየመ ናይ ፍፁም ሰለማዊ ፖለቲካዊ ስግግር መስርሕ ዝቕበሉ ዓለማዊ ትካላትን ድጋፍ ክህቡን ከም ኣውሐስቲ ትካላት ኮይኖም ክሰርሑን ምግባር ይከኣል እዩ፡፡ ብቐንዱ ግን እዚ ብሔራዊ ምርድዳእ (national consensus) ናይ ሕጊ ማዕቐፍን ውሕስነትን ስለ ዝደሊ "ቀምሽ ኣደይ ኣዐንቂፉኒ" ዝዓይነቱ ምኽኒት ገዲፍና ተጋሩ ባዕልና ስልጣን እንህቦን እንኣምኖን ሓቛፊ ቤት ምኽሪ ክምስረት ኣለዎ፡፡ እዚ ቤት ምኽሪ እዚ ብሔራዊ ምርድዳእን ስምረትን ዝፈጥር፤ ዓቕሚ ተጋሩ ዝእክብ፤ ብሔረ - መንግስቲ ትግራይ እውን ዝምልስ እዩ፡፡

***ንሰመር፣ ንመዓራረ፣ … ናብ ናፅነት ንጠምት!!***

***ነሓሰ 2016 ኣ.ግ***

***መቐለ - ትግራይ***